# ክታበት ቫይረስ ሂዩማን ፓፒሎማ (HPV)
# Human Papillomavirus (HPV) Vaccines

## ክታበታት HPV እንታይ እዮም?

እቶም ክታበታት HPV ካብ ዝተወሰኑ ዓይነታት ቫይረስ ሂዩማን ፓፒሎማ (HPV) ዝከላኸሉ ኮይኖም፣ መንሸሮ መሃንቱስ፣ ማህጸን፣ ኣፍን ጎሮሮን፣ ብልዕቲ ወድ ተባዕታይ፣ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይትን ሻምባቆ ማህጸንን ከምኡ'ውን ቁስሊ ጾታዊ ኣካልን ዘስዕቡ እዮም። ኣብ ካናዳ 2 ክታበታት HPV ኣለዉ:- Cervarix® (HPV2) ከምኡ'ውን Gardasil®9 (HPV9) ይበሃሉ። እቶም ክታበታት ብጥዕና ካናዳ ዝጸደቑ ኮይኖም፣ HPV9 ኣብ ክልቲኡ ጾታታት ንኽጥቀሙ ፍቓድ ረኺቡ፣ HPV2 ድማ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ንኽጥቀሙ ፍቓድ ረኺቡ። Gardasil®9 (HPV9) ኣብ BC ንዝርከቡ ብቑዓት ሰባት ብነጻ ይወሃብ።

ክልቲኦም ክታበታት ካብ 2 ዓይነታት HPV ዝከላኸሉ ኮይኖም ኣስታት 70% ናይ ማህጸን መንሸሮ ከምኡ'ውን 80% ናይ መሃንቱስ መንሸሮ ካብ ዘስዕቡ ዝከላኸሉ እዮም። ክታበት HPV9 ካብ 5 ተወሰኽቲ ዓይነታት HPV ዝከላኸል ኮይኑ ካብ 15% ክሳብ 20% መንሸሮ ማህጸንን 11% መንሸሮ መሃንቱስ ኣብ ደቂ ኣንስትዮን 4% ኣብ ደቂ ተባዕትዮን የስዕቡ። ክታበት HPV9 ካብ 2 ዓይነታት HPV እውን ይከላኸል እሞ ኣስታት 90% ካብ ቁስልታት ጾታዊ ኣካል ዘስዕቡ እዮም።

## ክታበት HPV ክወስድ ዘለዎ መን እዩ?

ክታበት HPV9 ንኹሎም ተምሃሮ 6ይ ክፍሊ ብነጻ እዩ ይወሃብ። ክታበት HPV ዝሓለፎም ሰባት፡ ቅድሚ 19 ዓመት ምምልኦም ቀዳማይ ክታበቶም፡ ካልኣይ ክታበት ድማ ቅድሚ 26 ምምልኦም ክሳዕ ዝኾነ ብነጻ ክረኽብዎ ይኽእሉ። ብዘይካ ነቶም ክሳብ ሰነ 30 2024 ንክወሃቦም እተናወሓሎም፡ ንሱ ድማ ነቶም ካብ ጥሪ ክሳብ ሰነ 2005 እተወልዱ እዩ።

እቲ ክታበት HPV9 ካብ 9 ክሳብ 26 ዓመት ዝዕድሚኦም ውልቀሰባት እውን ብነጻ ይወሃብ እሞ ንሳቶም ድማ:-

- HIV ኣወንታ ዘለዎም
- ክልተ-መንፈስ፣ ጾታ ዝቐየሩ ወይ ዘይ-ባይነሪ
- ምስ ደቂ ተባዕትዮ ጾታዊ ርክብ ዝፍጽሙ ደቂ ተባዕትዮ፣ እቶም ገና ጾታዊ ርክብ ዘይገብሩን ጾታዊ ዝንባለኦም ኣብ ሕቶ ዘእትዉን ዘለዉ ሓዊሱ
- ኣብ ጎደና-ዝሳተፉ ደቂ ተባዕትዮ

ክታበት ንምርካብ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ተራኸብ።

ኣብ ላዕሊ እንተዘይተጠቐሱ፣ ክታበት HPV9 ነዚኦም ይምከር እዩ፣ ብነጻ ግን ኣይወሃብን:-

- ካብ 19-45 ዓመት ዝዕድሚኣን ደቂ ኣንስትዮ
- ካብ 9 ክሳብ 26 ዓመት ዝዕድሚኦም ደቂ ተባዕትዮ
- ዕድሚኦም 27 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ጾታዊ ርክብ ዝፍጽሙ

እቶም ክታበታት HPV ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ብተኸታታሊ ወይ 2 ወይ 3 ዓቕን ይወሃቡ እዮም። ካብ 9 ክሳብ 14 ዓመት ምስ ኮነ ተኸታታሊ ዝጅምሩ ህጻናት እንተወሓደ 6 ወርሒ ኣፈላላይ ዘለዎ ግዜ ዝወሃቦም 2 ዓቐናት የድልዮም እዩ። ዕድሚኦም 15 ዓመትን ልዕሊኡን ንዝኾኑን ተኸታታሊ ዝጅምሩ ሰባትን ስርዓት ምክልኻል ሕማም ዝደኸመን ሰባት 3 ዓቐን  የድልዮም እዩ።

እቶም ንነጻ ክታበት HPV ብቑዓት ዘይኮኑ ኣብ መብዛሕትኡ ፋርማሲታትን ናይ መገሻ ክሊኒካትን ክገዝእዎ ይኽእሉ እዮም።

ቅድሚ ጾታዊ ርክብ ምፍጻምካን ምስ HPV ምርኻብካን ክታበት ምውሳድ ዝበለጸ እዩ፣ ምኽንያቱ እቶም ክታበታት ንረኽሲ ይከላኸሉ እምበር ኣየጸርይዎን እዮም።

## እቶም ክታበት HPV ምርካብ እንታይ ረብሓታት ኣለዉዎ?

ኣብተን ብHPV ተለኺፈን ዘይፈልጣ ደቂ ኣንስትዮ፣ እቶም ክታበታት ዳርጋ 100% ካብቶም በቲ ክታበታት ዝሸፈኑ ዓይነታት HPV ዝመጽእ መንሸሮ ማህጸን ይከላኸሉ እዮም።

እቲ ክታበት HPV9 ንኣስታት:-

- 78% ካብቶም ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝረኣዩ መንሸሮ መሃንቱስ ብኽልተ ቀንዲ ዓይነታት HPV ዝመጽእ እዩ።
- ካብ 90% ክሳብ 100% ብኻልኦት 2 ዓይነታት HPV ዝመጽእ ቁስሊ ጾታዊ ኣካል ይከላኸል እዩ።

ስሩዕ መርመራ ፓፕ ምግባር ኣድላዩ እዩ ምኽንያቱ ክታበት HPV ንመብዛሕትኦም እምበር ንኹሎም መንሸሮ ማህጸን ዘስዕቡ ዓይነታት HPV  ኣይከላኸልን እዩ።

## ድሕሪ እቲ ኽታበት ክመጽኡ ዝኽእሉ ግብረ-መልሲታት እንታይ እዮም?

ልሙዳት ምላሽ ኽታበት MMRV፣ እቲ ክታበት ኣብ ዝተዋህበሉ ቦታ ቃንዛ፣ ምቕያሕን ምሕባጥን ዘጠቓለለ ክኸውን ይኽእል። ረስኒ፣ ድኻም፣ ሕማም ርእሲ፣ ከምኡ'ውን ቃንዛ ጭዋዳታት ወይ መላግቦታት እውን ከጋጥም ይኽእል እዩ።

ኣሰታሚኖፈን (ንኣብነት ታይለኖል®) ወይ ኢብዩፕሮፈን (ንኣብነት ኣድቪል®) ንረስኒ ወይ ቃንዛ ኽስምዓካ ኽሎ ክወሃብ ይኽእል እዩ። ASA (ንኣብነት ኣስፓሪን®) ጠንቂ ሕማም ረይ ሲንድሮም ክኸውን ስለ ዝኽእል ትሕቲ 18 ዓመት ንዝዕድሚኡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክወሃብ የብሉን።

ብዛዕባ ረይ ሲንድሮም ዝበለጸ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ HealthLinkBC File #84 Reye Syndrome. ርአ።

ዝኾነ ይኹን ኽታበት ድሕሪ ምውሳድካ ን15 ደቃይቕ ኣብቲ ክሊኒክ ምጽናሕ ኣገዳሲ እዩ፣ ምኽንያቱ ኣዝዩ ሳሕቲ ዝረአ ተኽእሎ ኣሎ፣ ካብ ሚልዮን ትሕቲ 1፣ ኣናፊላክሲስ ዝበሃል መፍርሒ-ህይወት ኣለርጂክ ግብረ-መልሲ ኣሎ። እዚ ድማ ቆፎ ኣፍልቢ፣ ጸገም ምስትንፋስ ወይ ምሕባጥ ጎሮሮ፣ መልሓስ ወይ ከንፈር ከጠቓልል ይኽእል እዩ። እዚ ግብረ-መልሲ እንተተፈጢሩ፣ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ክሕክሞ ይኽእል እዩ። ህጹጽ ሕክምና ኤፒነፍሪን (ኣድሪናሊን) ምምሕዳርን ብኣምቡላንስ ናብቲ ዝቐረበ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ምትሕልላፍን የጠቓልል። ካብቲ ክሊኒክ ምስ ወጻእካ ምልክታት እንተተራእዮምካ፣ ናብ **9-1-1** ወይ ናብቲ ናይ ከባቢኻ ህጹጽ ቁጽሪ ደውል።

ኩሉ ግዜ ከቢድ ወይ ዘይተጸበኻዮ ግብረ-መልሲ ኣብ ጥዕናኻ ኣብ ዘጋጥመካ ንወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ጸብጻብ ሃብ።

## እቲ ክታበት HPV ክወስድ ዘይግብኦ መን እዩ?

ንስኻ ወይ ውላድካ ቅድሚ ሕጂ ንዝተወሰደ መጠን ክታበት HPV ወይ ንዝኾነ ክፋል ናይቲ ክታበት፣ እንተላይ ማይ-በሰላ፣ ንህይወትካ-ኣብ- ሓደጋ ዘእቱ ግብረ-መልሲ እንተሃልዩካ፣ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ። ነፍሰጾር ዝኾና ሰባት ነቲ ክታበት ክወስዳ የብለንን።

ብሰንኪ ሰዓል ወይ ካልእ ቀሊል ሕማም ኽታበት ምድንጓይ ኣየድልን። ይኹን እምበር፣ ዝኾነ ስክፍታታት እንተሃልዩካ፣ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ።

## HPV እንታይ እዩ?

HPV ሓደ ካብቶም ዝበዝሑ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታት (STIs) እዩ። ካብ 4 ጾታዊ ርክብ ዝፍጽሙ ሰባት እቶም ከባቢ ሰለስተ ዘይተኸተቡ ሰባት ኣብ ገለ እዋን HPV ክሓሙ እዮም። ዝኾነ ዓይነት ጾታዊ ርክብ ብኣፍ፣ ስጋዊ ርክብ ወይ መሃንቱስ ዝፍጽም ሰብ HPV ክሓምም ይኽእል እዩ። በዚ ሕማም ክትልከፍ ጾታዊ ርክብ ኣድላዪ ኣይኮነን። ጾታዊ መጻምድቲ ብዝበዝሑ መጠን ብHPV ናይ ምልካፍ ተኽእሎኻ ዝለዓለ እዩ። ምስ ደቂ ተባዕትዮ ጾታዊ ርክብ ዝፍጽሙ ደቂ ተባዕትዮ እውን ናይ HPV ረኽሲ ተኽእሎኦም ዝለዓለ እዩ።

## ብHPV ክትልከፍ ከለኻ እንታይ እዩ ዘጋጥም?

መብዛሕትኦም ብHPV ዝተለኸፉ ሰባት ዝኾነ ምልክት ወይ ምልክት ዘየርእዩ ኮይኖም ዋላ ከይፈለጡ ነቲ ቫይረስ ናብ ካልኦት ከመሓላልፍዎ ይኽእሉ እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ ረኽሲ HPV ባዕሉ ክጸሪ እዩ። ንገለ ሰባት፣ HPV ኣይጠፍእን እዩ፣ በቲ ቫይረስ ዝተለኸፉ ዋህዮታት ድማ ምስ ግዜ ቅድመ-መንሽሮ ወይ መንሽሮ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ሕድሕድ ዓመት ኣብ B.C. ብግምት:-

- 210 ሰባት መንሽሮ ማህጸን ክሓሙ እንከለዉ 55 ድማ በቲ ሕማም ክሞቱ እዮም
- 6000 ሰባት ኣብ ማህጸን ቅድሚ መንሽሮ ዝመጽእ ልዑል ሓደጋ ዘለዎ ለውጢ ከማዕብሉ እዮም
- 135 ሰባት መንሽሮ መሃንቱስ ክሓሙ እንከለዉ 20 ድማ በቲ ሕማም ክሞቱ እዮም
- 5500 ሰባት ቁስሊ ጾታዊ ኣካል ከማዕብሉ እዮም

## ብሱል ንእሽቶይ ፍቓድ

ወለዲ ወይ ኣለይትን ደቆምን ንኽታበት ፍቓድ ንምርካብ ክመያየጡ ይምከር። ትሕቲ 19 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት፣ ንነፍሲ ወከፍ ኽታበት ዘለዎ ረብሓን ክህሉ ዝኽእል ግብረ-መልስን ከምኡ'ውን ክታበት ናይ ዘይምኽታብ ከምጽኦ ዝኽእል ሓደጋን ክርድኡ ዝኽእሉ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ክታበት ክሰማምዑ ወይ ክነጽግዎ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ ብሱላት ንኣሽቱ ፍቓደኛ ምኽኒን ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ HealthLinkBC File #119 The Infants Act, Mature Minor Consent and Immunization. ርአ።

## ንተወሳኺ ሓበሬታ

- HealthLinkBC File #101a Human Papillomavirus (HPV) Infection and Genital Warts.
- ImmunizeBC https://immunizebc.ca. ርአ።

BRITISH COLUMBIA | ImmunizeBC

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority